# ሰፊሕ ሰሚናር ንተስተፍቲ ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን
## ብኣቶ ሓጎስ ገ/ህይወት
## ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ

ኣቶ ሓጎስ ገ/ህይወት ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ብዕለት 7.7.12 ኣብቲ ካብ ዕለት 06 ክሳብ ዕለት 08. 07. 2012 ዘተኻየደ ዓመታዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ከተማ ጊሰን (ጀርመን) ፡ ኣብ ንህሉው ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ሃገርን ዞባን ፡ ተጻብኦታትን ሽርሕታትን ሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘቶኮረ ሰፊሕ ሰሚናር ንተሳተፍቲ ፌስትቫል ኣቕረበ።

ኣቶ ሓጎስ ኣብ መግለጺኡ ፡ ኤርትራ ናይ ዕድላትን ማዕርነት ዝሕለወላ ሃገር ፡ ግዴታኡን ሓላፍነቱን ዘልዕል ዜጋ ፡ ብቐጻሊ ልምዓታዊ ትግሃትን ሰራሕን እንዳወቀበት እትኽይድ ሃገር፣ ብጠቕላላ ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነግሰላ መሬት ክትከውን መንግስትን ግንባርን ምስ ምሉእ ደገፍ ህዝቢ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዘይዕረፍትን ምሕላልን ይሰርሑ ከምዘሎዉ ብድሕሪ ምግላጽ ፡ ከም ምጽኢቱ ከኣ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ጸላእቲ'ውን ክኸሕድዎ ዘይክእሉ ገስጋስ ይምዝገብ ኣሎ በለ። እዚ ድማ ፍረ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ኢዩ። ሰዒቡ ኤርትራ ትማሊ ምስ ኩሉ ጸገማታ ዘይተኻእለት ካብዚ በጺሓቶ ዘላ ንድሓር እንታይ ክትገብር ኢያ ኢሎም የእውዩን ውዲታት ክፍሕሱን ይውዕሉን ይሓድሩን'ኳ እንተሃለዉ ግስጋሴኣ ክዓግቱ ዘይከኣል ኢዩ በለ ።

ኣቶ ሓጎስ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ፡ኣብ ቁጠባዊ መደባትን ብድሆታትን ብዝምልከት ዝርዝራዊ መግለጺ ኣብ ዝሃቦ ድማ ፡ ንሓዋሩ መሰረታዊ ፍታሕ ዝህብ ሕጂ ዝትግበር ዘሎ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ከምዝዕወት ምግባር ፡ ናይቶም ኣብ ምህናጽ ሃገር ናይ ዝተዓወቱ ተመኩሮ ይኹን ሕጂ ዝርኤ ዘሎ ቁጠውባዊ ቅልውላው ዘረጋግጾ ሓቂ ፡ ምዕባለ ሎሚ ብምቑጣብን ግቡእ ወፍሪ ብምክያድ ከኣ ንጸቡቕ ናይ ጽባሕን መጻኢ ወልዶታት ምስራሕን ኢዩ ። ብደርጃ ምትግባር ዘተኣማምንን ቀጻልነት ዘለዎ ቁጠባዊ ምዕባለ ምምጻእ ፤ ናይ ህዝቢ እቶት ከምዝዓቢ ብምግባር ፤ ምምሕያሽ መነባብሮ ምምጻእ ፤ ካብ ሃገራዊ ጸጋታት ተካፋልቲ ምግባር ፤ ማሕበራዊ ውሕስነት (Socail Security) ምሕያል ፤ ምምዕባል ድኻ/ድሑር ቦታታት ፤ ሃገራዊ ዓቕሚ ብኹሉ ሸነኻቱ ምሕያል ፤ ገለ ካብ ቀንዲ መድረኻዊ ፕሮግራማት ድማ ከም ውሕስነት ምግብን ማኣዛታቱን ፤ ትምህርቲ ፤ ኣገልግሎት ጥዕና ፤ ጽሩይ ዝስተ ማይ ፤ መንበሪ ኣባይቲ ፤ ኣገልግሎት ኤሌክትሪሲቲ ፤ ዝርጋሔ ትሕተ ቕርጺታት ፤ ኣብ ዕደና ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታትን ውጽኢቱን፤ ቁጠባዊ መጻኢና ብዙሕ ዝጸልዎ ግዳማዊ ረቛሒታት'ኳ እንተሎ፣ ኣብ መወዳእታኡ ወሰንቱ ባዕልናን ብስራሕናን ኢና ብምባል ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረበ።

ቀጺሉ ኣቶ ሓጎስ ንተጻብኦታት ኣብ ዝምልከት ዝሃቦ መረዳእታ ድማ መጀመርታ ብወተሃደራዊ ድሓር ከኣ ብቑጠባዊ መገዲ ንምምብርካኽና ዘተገብረ ፈተነ ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ እንዳሓየልና ስለ ዝመጻእና፣ ብፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን መገድታት ምስ ቁጠባዊ ሽርሕታት ንምድኻምና ዘይፈተነን፣ ዘይገብርዎ ናይ ጠቐነ ዘመተ የለን ድሕሪ ምባል ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓቀኛ ሰላም እንተዝድለ እቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ፡ ብሕጋዊ መገዲ ዝተወድኤ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዝትግበር ምግባር ኢዩ ኔሩ በለ።

በትሪ ሓቂ ትቐጥን'ምበር ኣይትስበርን ከምዝበሃል ኩሉ ፈተነታቶም ኣብ መጨረስትኡ ምስ ዘይንቕነቕ ዕርዲ ህዝብና ተጋጭዩ ክሕምሽሽ ኢዩ ። መኸተና ብዘይምዝናይ ክቕጽል ኣለዎ ፤ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ዝርከብ ህዝብና ከኣ፣ ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻት ፡ ፖለቲካዊ ፡ ዲፕሎማስያዊ ፡ ቁጠባዊን ካልእ ዓውድታትናን ንምሕያል ከምዝሰርሕ ዝሓለፈ ታሪኹ ምስክር እዩ ክብል መደረኡ ፈለመ።

ኣብ መጨረሻ ካብ ተሳተፍቲ ሰሚናር ዝቐረበሉ ሕቶታት ብድሕሪ ምምላስ ፡ ተስተፍቲ ሰሚናር መደብ ሰሚናር ብምውቕ ሃገራዊ መንፈስ ምክያድ ፡ ቅድሚ ሕጂ ንዘጋጠመ ኩሉ መዳያዊ ተጻብኦታት ብምግምጋም : ኩሉ ዝተኣልመልና ሽርሒታት ከምዝፈሽለ : ብሕጂ ውን እንተኾነ ዘገጥመና ኩሉ ውዲታት ናይ ባዶሽ ባዶ ኮይኑ ከምዝተርፍ ንተኣማመን ብምባል ካብኦም ዝጥለብ ዘበለ ከማልኡ ዝለዎም ቁርብነት ብምግላጽ ሰሚናር ፌስቲቫል ኤርትራ 2012 ብዓወት ተዛዚሙ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
ኣወሃሃዲት ሽማግለ ፌስቲቫል ጀረምን 2012